
# ታሪክ ህይወት መ/ም ኣምደብርሃን ገብረማርያም



ዝተወልዱሉ ዓ.ም 27-09-1930
ዝዓረፍሉ ዓ.ም 06 -02- 2009
“እቶም ብቕንዕና ዝነብሩ ምስ ሞቱ ብህይወት ይነብሩ” ኢሳ.54፥2

መም. ኣምደብርሃን ገብረማርያም ካብ ኣብኦም ገብረማርያም ዑቁበጋብርን ካብ ኣዲኦም ወ/ሮ መድህን ሃለቃ መኮነን ኣብ ዓዶም ምዕራፍ ታቦት ኣብ ከባቢ እንዳ ኣቡነ እንድርያስ ሰፍሓ ብ1930 ዓ.ም. ተወልዱ ዕድሚኦም ንትምህርቲ ምስ ኣኸለ ኣብ ገዳም እንዳ ኣቡነ እንድርያስ ኣትዮም ካብ መባእታ ፊደል ክሳብ ግብረ ዲቁናን ግብረ ክህነትን ተማህሩ፡፡ መዝገብ ቅዳሰ ድማ ካብቶም ናይ ደብረ ዓባይ መምህር- ቅዳሰ ዚኮኑ መም ሃይለማርያም (ኣባ ጫሕማ) ብዝግባእ ተማህሩ፡፡ ናብ ኢትዮጵያ ትግራይ ዓድዋ ፍሉይ ስሙ ዓዲ ኣቡን ከይዶም ካብቶም ውሩይ መም. ፈለቀ ያረዳዊ ዜማ ካብ ዜማ ውዳሰ ማርያም ጀሚሮም ቃል ትምህርቲ ምዕራፍ ተማህሩ፡፡ ኣብ ናይ ቅኔ ቤት ትምህርቲ ኣትዮም ካብ መም. ወልደሩፋኤል (የነታ ወልደ-ነጎድጋድ) ቅኔ ተማህሩ፡፡

## ዘበርከትዎ መንፈሳዊ ኣገልገሎት

❖ ኣብ ገዳም እንዳ ኣቡነ እንድርያስ ሰፍሓ

ኣብታ ብህጻንነቶም ተኾስኲሶም ዚዓበዩላ ገዳም እንዳ ኣቡነ እንድርያስ ምክትል ሊቀ ረድእ ናይ ኣቦና ኣቡነ እንጠንዮስ ስለ ዝነበሩ ኣብ ገዳም ብማሕረስን ካልእ ዚተፈላለየ ተልእኮ ኣብ ርእሲ ምፍጻሞም፡ ናብ ኢትዮጵያ ትግራይ ኣድያቦ፡ ፍሉይ ስሙ ኣዝሐ ናብ ዝተባህለ ዓዲ ከይዶም፡ ካብቲ ጣሻ በረካ ናይ ሕርሻ መሬት ክወሃቦም ናብ ዝምልከቶ ናይ መንግስቲ ኣካል ኣመልኪቶም፡ ነቲ ዝተዋህቦም ናይ ሕርሻ መሬት፡ ሓሪሶም፡ ኣልሚያም፡ ኣፍርዮም፡ ሓፊሶም ብኣእዱግን ብኣግማልን እኽሊ እናጾዓኑ ካብቲ ዚተጠቕሰ ቦታ ናብ ገዳም አንዳ ኣቡነ እንድርያስ ብለይትን መዓልትን ናይ ሓደ ሰሙን ግዕዞ፡ ዝውድእ ስለ ዝኾነ፡ ብዙሕ ጻዕርን ድኻምን ዝሓተት ምንባሩ ዝፍለጥ እኻ እንተ ነበረ መም. ዓምደ ብርሃን ገና ጊዜ ንእስነቶም ስለ ዚነበሩ ጥራይ ዘይኮነስ ብተፈጥሮኦም ትጉህን ጻዕረኛን ስለ ዝነበሩ እዩ፡፡

❖ ኣብ ትግራይ ኣውራጃ ማይ ጨው (ኢትዮጵያ)

ብንጉስ ሃይለስላሴ፣ ንእንዳ ኣቡነ እንድርያስ ተዋሂቡ ዝነበረ ሓሙሽተ ጋሻ መሬት፣ ስለ ዝጠፍአ መም. ዓንደብርሃን ኑቲ ዝጠፍአ ክመልሱ፣ መጀመርያ፣ በይኖም ምስ ከዱ ካብ ገዳም ሓደ ሓጋዛይ ክለኣኽሎም ብመልእኽቲ ስለ ዝሓተቱ፣ ማሕበር ጉባኤ ገይሮም፣ ብኽእለትን ብጠባይን ምስ መም. ዓ ምደ ብርሃን ዝሰማማዕ መን እዩ ተባሂሉ ምስ ተመርመረ። ምስኦም ብስምምዕ ሓቢሮም ክሰርሑ ዝኽእሉ፣ ናይ ሽዑ ኣባ የማነ ብርሃን፣ ናይ ሕጂ ኣቦና ብጹእ ወቅዱስ እንጠንዮስ ከም ዝተላእኹሎም ይፍለጥ፡፡ መም. ዓምደ ብርሃን ምስ እዞም ዝተጠቕሱ ብጻዮም ብምኻን ኑቲ ኣብ ትግራይ ኣውራጃ ማይ ጨው፣ ዝርከብ ጠፊኡ ዝነበረ ሓሙሽተ ጋሻ መሬት፣ ናብ ዝምልከቶም ናይ መንግስቲ ኣካል ኣመልኪቶም ከምዝምለስዎን፣ ኑቲ ዝተረኽበ ናይ ሕርሻ መሬት ኣልሚያም ፍረ እኽሊ ንገዳሞም ከም ዘበርከቱ ይፍለጥ፡፡

❖ ኣብ ክፍለ ሃገር ጅማ (ኢትዮጵያ)

ኣቡነ ፊሊጶስ፣ ጳጳስ፣ ኣብ ጊዜ ንጉስ ሃይለስላሰ ፍሉይ ስምን ክብርን ዝነበሮም፣ ምንኩስናኦም ኣብ እንዳ ኣቡነ እንድርያስ ዚኾነ ኣብ ክፍለ ሃገር ጅማ ፍሉይ ስሙ ኣሰንደዎ ኣብ ዝተባህለ ዓዲ ብገንዘቦም ዓዲጎም ንገዳም እንዳ ኣቡነ እንድርያስ ዘወፈይዎ ናይ ሕርሻ መሬት ምንባሩ ይፍለጥ፡፡ መም. ዓንደብርሃን፣ እምበኣር፣ ምስ ብጻዮም ኣቦና ናብዚ ዚተጠቕሰ ዓዲ ከይዶም ኑቲ ዚተጠቕሰ ናይ ሕርሻ መሬት ሓሪሶም ኣልሚያም፣ ንገዳም ጥቕሚ ከምዘበርከቱ፣ ኣብዚ ሃገር እዚ ድማ ክልቲኦም፣ መምህርን ኣቦናን፣ ን5 ዓመት ከምዝተቐመጡ ይፍለጥ፡፡

❖ ኣብ ኣካዳምያዊ ትምህርቲ

ብድሕርዚ፣ ኣብ ክፍለ ሃገር ጅማ፣ ኣብ ኣካዳምያዊ ቤት ትምህርቲ ኣትዮም ናይ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ ማለት 12 ክፍሊ ምስ ተማህሩ፣ መምህር ንምኻን ኣብ ቤት ትምህርቲ ናይ መምህራን መሰልጠኒ ኣትዮም ስለ ዝተማህሩ ኣብዚ ዚተጠቕሰ ዓዲ ኣብ ናይ መንግስቲ ቤት ትምህርቲ ተመዲቦም። ከገልግሉ ምስ ጸንሑ፣ ብ1969 ዓ.ም.ግ. ናብ ትውልዲ ዓዶም ሃገረ ኤርትራ ተቐይሮም፣ ኣብ ከተማ ኣስመራ ክሳብ ጥሮታ ዝወጹ ብመምህርነት ከምዚሰርሑ ይፍለጥ፡፡ መም. ዓምደ ብርሃን፣ ኣብ ናይ መንግስቲ ትምህርቲ ካብ ዘገልገልዎ ጥሮታ ምስ ወጹ ዘበርከትዎ ኣገልግሎት ዝዓበየን ዝዓ ዘዘን ምኻኑ ይፍለጥ፡፡

❖ ኣብ ማሕበር መጽሓፍ ቅዱስ

እዚ ማሕበር እዚ ንሰለስቲኣን ኣብያተ ክርስትያን

1. ኦርቶዶክሳዊት ቤተ ክርስትያን፣

2. ካቶሊካዊት ቤተ ክርስትያን፣

3. ወንገላዊት ቤተ ክርስትያን፣ ዝሓቑፍ ኮይኑ፣ ዋና ቤት ጽሕፈቱ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ነበረ፡፡ ናይዚ ዚተጠቕሰ ቤት ጽሕፈት ጨንፈር ድማ ኣብ ከተማ ኣስመራ ከምዝህሉ ተገብረ፣ እዚ ማሕበር እዚ እቲ ቀደም ብወንገላዊት ቤተ ክርስቲያን ጥራይ ተተርጊሙ ዝነበረ መጽሓፍ ቅዱስ ብሰለስቲኣን ኣብያተ ክርስትያን ተማሓይሹ ክትርጎምን ክእረምን ወሰነ።

*ምትርጓም መጽሓፍ ቅዱስ ብወገን ኦርቶዶክሳዊት ቤተ ክርስትያን*

1. *ነፍስሄር ሊቀ መዘምራን ሞገስ ዕቁበጊዮርጅስ*

2. *ነፍስሄር መም.ዓንደብርሃን ገብረማርያም*

*ብወገን ካቶሊካዊት ቤ.ክ. ኣባ ተኽለዝጊ*

*ብወገን ወንጌላዊት፣ ቤ.ክ. መም. ትካቦ ተመደቡ።*

*ምትርጓምን ምእራምን በዞም ዝተጠቕሱ ምሁራን ምስ ተጀመረ ሓደ ዓመት ከይመልአ ከሎ* (10 *መጋቢት* 1978 *ዓ,ም.ግእዝ) ሊቀ መዘምራን ሞገስ ዕቁበጊዮርጅስ ካብዚ ዓለም ብሞት ተፈልዮም።*

*መም. ዓምደ ብርሃን ግና ኣብዚ* 10 *ዓመት ዝውድእ ስራሕ ምትርጓምን ምእራምን መጽሓፍ ቅዱስ ብተወፋይነትን ብትግሃትን ክሰርሑ ከለዉ ደኺመ ሓሚመ ደሞዝ ይገበረለይ ከይበሉ ዝሰርሑ እሙንን ትጉህን ግዱስን እዮም ነይሮም። መም. ዓምደ ብርሃን, ኣብ ግዜ ምትርጓምን ምእራምን መጽሓፍ ቅዱስ ካብ ዋና ሓላፊ ማሕበር መ.ቅዱስ ዘድሊ ምክሪ መምርሒ እናተቀበሉ ካብ ኣስመራ ኣዲስ ኣበባ፣ ካብ ኣዲስ ኣበባ ኬንያ ናይሮቢ ብምምልላስ ዝደከሙን ዝጸዓሩን ምንባሮም ይፍለጥ;*

*ኣብ ምትርጓምን ምእራምን መጽሓፍ ቅዱስ፣ ዝቐሰምዎም ፍልጠት ልዑል ምንባሩ ዝፍለጥ ኮይኑ፣ ካብቲ ዝተርጎምዎ ጥራይ ዘይኮነስ፣ ነቲ ዘዝተርጎምዎ ቅዳሕ ሒዞም ናብ ኣዲስ ኣበባ ናብቶም ምሁራን ሰብ ሞያ ክኸዱ ኸለዉ፣ ንተርጎምቲ ዝወሃብ ናይ መጽሓፍ ቅዱስ ትምህርታዊ ሰሚናር፣ ካብ ሓደ ክሳብ ክልተ ሰሙን ዝውድእ በብግዚኡ ይወሃቦም ስለ ዝነበረ፣ ልዑል ፍልጠት መጽሓፍ ቅዱስ ከምዝቐሰሙ ይፍለጥ፡፡ ምስክርነቱ ድማ፣ እቲ ኣብ ግዜ ስልጠና ካህናት ዘርእይዎ ዝነበሩ ኣቀራርባ ትምህርትን ኣመራርሓን እዩ፡፡*

❖ *ድሕረ ሓርነት ሃገረ ኤርትራ ዘበርከትዎ ኣገልግሎት*

*ኣሰናዳኢ ጋዜጣ ፍኖተ ብርሃን፣ ዘ.ኦ.ተ. ቤ.ኽ. ስለ ዝነበሩ ካብ መጀመርያ ሓርነት ኤርትራ ክሳብ ምሽያም ቀዳማይ ፓትርያርክ ኣብ ዝነበረ ግዜ ኮይኑ ንሓዳስ ሃገረ ኤርትራ ሓዳስ ቤተ ክርስትያንን ብዝምልከት ሰፊሕ ኣገልግሎት ዘበርከቱ እዮም፡፡*

❖ *ኣብ ምሕንጻጽ ሕጊ ኦ.ተ.ቤ. ክርስትያን*

*ናይ* 1979 *ሓዲስ ሕጊ ቤተ ክርስትያን ኤርትራ ናይ ሕጊን ትምህርትን ሞያ ብዘለዎም ክሕንጸጽ ብጊዝያዊ ሲኖዶስ ኣብ ዝተወሰነሉ ግዜ መም. ዓምደ ብርሃን ካብቶም* 13 *ኣባላት ኣርቀቕቲ ሕጊ ቤ.ክ. ሓደ ሰብ ዝነበሩ እዮም፡፡ በቲ ተወዳዳሪ ዘይርከቦ ፍልጠቶም ተሞኪሮምን ልዑል ተራ ዝተጻወቱ እዮም፡፡*

❖ *ኣብ ኣገልግሎት ስብከተ ወንጌል*

ኣብ ቤተ ክርስትያን መካነ ሕይወት መድሃኔ ኣለም ብስብከተ ወንጌል ንብዙሕ ዓመታት ዘገልገሉ ኪኾኑ ኸለዉ፥ ፍሉይ ስብከት ኣብ ጊዘ ቅዳሴ ነታ ካብ ቋንቋ ግዕዝን ኣምሓርኛን ዝተርጎምዋ መጽሓፍ ቅዳሴ ዘርጊሖም ነቶም ኣብ ቀጽሪ ቤተ ክርስትያን ኮይኖም ዝቕድሱ ምእመናን ካህነ ሰላም ለኩልክሙ "ሰላም ንኹልኹም ይኩን" ይብል ኣሎ። ወዘተ "ዲያቆን ተንስኡ ለጸሎት" ዲያቆን ንጸሎት ተንስኡ ይብል ኣሎ ወዘተ እናበሉ ንብዙሕ ዓመታት ዝመሃሩ እዮም።

❖ ሓላፊ መንፈሳዊ ቤት ትምህርቲ

መም. ዓምደ ብርሃን ሓላፊ መንፈሳዊ ትምህርቲ ኮይኖም ኬገልግሉ ኣብ ዝተመደብሉ ግዜ፥

ሀ. ነቲ ሓድሽ ቤት ጽሕፈት መንፈሳዊ ትምህርቲ ኣብ ምምሕያሽ እቲ ቤት ጽሕፈት ከም ዚደረኹ ዘመናዊ ኮምፒተር ከም ዝተኣታቶ ወዘተ ዝገበሩ እዮም።

ለ. መሰልጠኒ ካህናት ቤት ትምህርቲ ክኸፈት ከሎ ናይ ሓጺርን ነዊሕን መደባት ብምምዳብ ጻዕሪ ዘካየዱ እዮም። እቲ ቤት ትምህርቲ መሰልጠኒ ካህናት ምስ ተኸፍተ በብ ሰለስተ ወርሒ ኮይኑ ኣርባዕ ተ ዙር ኪግበር ከሎ፥፥ ካብ ምሉእ ሃገር ከካብ ሃገረ ስብከታት ዚተዋጽኡ ካህናትን ዲያቆናትን ከም ዝሳተፍዎ ኣብ ምግባር ዝጸዓሩ ብዙሓት ናይ ትምህርቲ ሞያ ዘለዎም መምህራን ፍልጠቶም ንመንእሰያት ካህናትን ዲያቆናትን ከም ዘካፈሉ እዮም።

❖ ውሁድ ትምህርቲ ክርስትና

ውሁድ ትምህርቲ ክርስትና ንመንእሰያት ሃገር ካብ ግዜ ንእስነቶም ጀሚሮም ብእምነት እግዚኣብሄርን ብስነ ምግባርን ተኾስኪሶም ምእንቲ ክዓብዩ መንግስቲ ኣብ ኩለን ኣብያተ ትምህርቲ በብደርጅኡ መጽሓፍ ቅዱስ ክመሃሩ ስለ ዝፈቐደ ካብ ሰለስቲኣን ኣብያተ ክርስትያን፥-

1. ኦርቶዶክሳዊት ቤ.ክ.

2. ካቶሊካዊት ቤ.ክ.

3. ወንገላዊት ቤ.ክ. ናይ ሓባር ኮሚቴ ከምዝቖማ ተገይሩ፥ ካብ ሰለስተ ክሳብ ኣርባዕተ ዓመት ኣብ ኣብያተ ትምህርቲ መንግስቲ ትምህርቲ ሃይማኖት ዝተዋበሉ ግዜ እዩ።

ኣብዚ ግዜ እዚ ድማ መም. ዓምደ ብርሃን ሓላፊ መንፈሳዊ ትምህርቲ ከም ምኻኖም መጠን ናብ ኩለን ሃገረ ስብከታት እናተዘዋወሩ ዋና ተሳታፍን ኣታሓባባርን ከም ዝነበሩ ሰለስቲኣን ኣብያተ ክርስትያን ብምትሕብባር ከም ዝሰርሑ ዝገበሩ እዮም።

❖ ዝተርጎምዎ መጽሓፍቲ

1. መጽሓፍ ቅዳሴ፥ ካብ ግዕዝን ኣምሓርኛን ናብ ትግርኛ

2. መጽሓፍ ተክሊል ካብ ግዕዝ ናብ ትግርኛ

3. መጽሓፍ ጥምቀት ካብ ግዕዝ ናብ ትግርኛ

እዚ ንሶም ዝተርጎምዎ ኮይኑ ብግቡእ ተሓቲሙን ተዘርጊሑን ሎሚ ኩለን ኣብያተ ክርስትያን ዝግልገላሉ ዘለዋ እዩ።

ንሕትመት ተዳልዩ ግና ዘይተሓትመን ዘይተዘርግሐን

1. ሃይማኖተ ኣበው
2. መጽሓፍ ቀንዲል
3. ታሪክ ቤተ ክርስትያን ብዓለም ለኸ
4. መጽናዕቲ ብሉይን ሓድሽን ኪዳን
5. መጽሓፍ ቅዳሴ ብዝተመሓየሸ መልክዕ ዘዳለውወን እየን።

ኣብ መወዳእታ ዕለተ ዕረፍቶም

ብከቢድ ሕማም ከይተሳቐዩ፣ ክሳዕ እታ ዝዓረፍሉ ሰዓት ኣእምርኦም ከየጥፍኡ ንስድራቤቶም ውን ከየሻቐሉ ኣብታ ዝዓረፉላ ዕለት ካብ መጽሓፍ ቅዱስ ወንጌል ዮሓንስ (ምዕ.17፣4፣) "ነቲ ኪገብሮ ዝሃብካኒ ግብሪ ፈጺመ እየ፣" ወዘተ ዝብል ኣምብቡለይ ኢሎም ምስ ተነበበሎም ካብዛ ሓላፊት ዓለም ናብታ ዘይትሓልፍ ዓለም ሓለፉ።

ስነስርዓት ቀብሮም

ኣብቲ ብመንፈሳዊ ትምህርቲ ተኮስኪሶም ዝዓበዩላ ገዳም እንዳ ኣቡነ እንድርያስ ካህናትን መነኮሳትን ድያቆናትን መዘምራን ምእመናንን ኣብ ዝተረኽብሉ ብኽብ ዝበለ ስነስርዓት ዕለት 29 ጥሪ 2001 ዓ.ም.ግ. (6/2/2009) ተፈጸመ።

ከምቲ ቅዱስ ጳውሎስ ዝበሎ "ሰናየ ገድለ ተጋደልኩ በድርየኒ ፈጸምኩ ወሃይማኖትየኒ ኣቀብኩ እንከሰ ጽኑሕ ሊተ ኣክሊለ ጽድቅ ኣሰነየኒ እግዚኣብሔር" ሰናይ ገድሊ ተጋዲለ እየ ጉያይ ውን ወዲአ እየ፣ እቲ ቁኑዕ ፈራዲ ዝኾነ ጎይታ በታ መዓልቲ እቲኣ ዚህበኒ ኣኽሊል ጽድቂ ተነቢሩለይ ኣሎ።2ጢሞ 4፣7-8፣ ከም ዚበሎ ኣምላክ ነቲ ብትግሃትን ብተገዳስነትን ዘገልገልዎ መንፈሳዊ ኣገልግሎት ተቐቢሉ ከም ቅዱስ ጳውሎስ ኣክሊል ጽድቂ ይዓድሎም እናበልና ንሰናበቶም።

መም. ዓምደ ብርሃን ኣቦ ሾሞንተ ውሉድን በዓል ሓዳርን እዮም።

ወያዕርፍ ነፍሰ ኣቡነ ኣምደ ብርሃን

ንስድራብቶምን ንኹሎም ፈተውቶምን ጽንዓት ይሃብ።